# ዓለምለኻዊ ድንጋገ ሰብኣዊ መሰላት

10 ታሕሳስ 1948 ዓ.ም.ፈ ብሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዝፀደቐን ዝተኣወጀን ድንጋገ 217 ኤ- III )

**መእተዊ**

ኣብ ዓለም ንናይ ኩሎም ሰባት ተፈጥሮኣዊ ክብረትን ንማዕረን ዘይገሃሱን ሰብኣዊ መሰላትን ምቕባል መሰረት ነፃነት፣ ፍትሕን ሰላምን ስለ ዝኾነ፣

ንሰብኣዊ መሰላት ኣብ ግምት ዘይምእታውን ምጥሓስን ንሕልና ወዲ ሰብ ዘቑሰለን ኣረሜናዊ ተግባራት ዘስዓበን ምኻኑ ፣ ናይ ዘረባን እምነትን ነፃነት ዘለዎ፣ ካብ ፍርሕን ፀገምን ነፃ ዝኾነት ዓለም ንክትህልው ዝለዓለ ትምኒት ደቂ ሰባት ምኻኑ ስለ ዝተኣምነሉ፣

ወዲ ሰብ ምልኪን ወፅዓን ንምውጋድ ሓይሊ ንክጥቀም ምእንቲ ከይግደድ ሰብኣዊ መሰላት ብሕጊ ክኽበሩ ኣድላዪ ስለዝኾነ፣

ኣብ መንጎ ሃገራት ምሕዝነታዊ ዝምድናታት ንኽዓቢ ምሕጋዝ ኣድላዪ ስለዝኾነ፣

ህዝብታት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ቻርተር ውድብ ሕቡራት መንግስታት ንመሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላት፣ ንኽብርን ልዕልነትን ሰብኣዊ ፍጡር፣ ንማዕረ መሰላት ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ዘለዎም እምነት ብምርግጋፆምን ኣብ ዝሰፍሐ ነፃነት ከዓ ማሕበራዊ ምዕባለን ዝሐሸ ደረጃ መነባብሮን ንምዝርጋሕ ዝወሰኑን ስለዝኾነ፣

ኣባል መንግስታት ምስ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ብምትሕግጋዝ ሰብኣዊ መሰላትን መሰረታዊ ነፃነታትን ዓለምለኻዊ ጠመተን ሓለዋን ምእንቲ ክረኽቡ ንምዕዓር ዝጠልቡ ስለዝኾነ፣

እዚ ጠለብ'ዚ መሊኡ ንክረጋገፅ ብዛዕባ እዞም መሰላትን ነፃነታትን እዚኣቶም ሓባራዊ ግንዛበ ምሓዝ ብጣዕሚ ኣድላዪ ስለዝኾነ፣

ስለዚ ሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት መንግስታት

ኩሎም ህዝብታትን ኩሎም ሃገራትን ክሳብ ሕድሕድ ውልቀሰብን ክሳብ ሕድሕድ ክፍሊ ማሕበረ- ሰብን ነዚ ድንጋገ እዚ ኩሉ ጊዜ ብምዝካር እዞም መሰላት እዚኣቶም ኣኽብሮት ንክረኽቡ ብምስትምሃርን ብትምህርትን ንክዕዕሩ፣ ከምኡ'ውን ብሃገራውን ዓለምለኻውን ማዕበልቲ ስጉምቲታት፡ ኣብ ህዝብታት ኣባል ሃገራትን ኣብ ግዝኣቶም ኣብ ዘለዉ ህዝብታትን ሓፈሻውን ግብራውን ተቐባልነትን ሓለዋን ምእንቲ ክረኽቡ ነዚ ዓለምለኻዊ ድንጋገ ሰብኣዊ መሰላት ኣዊጅዎ ኣሎ።

**ዓንቀፅ** 1

ብመንፅር ክብርን መሰልን ኩሎም ሰባት እንትውለዱ ነፃን ማዕረን እዮም። ምስትውዓልን ሕልናን ዝተዓደሎም ብምኻኖም ንሕድሕዶም ብሕውነታዊ መንፈስ ክተሓሳለዩ ኣለዎም።

**ዓንቀፅ** 2

ሕድሕድ ሰብ ብዘርኢ፣ ብቀለም፣ ብፆታ፣ ብቋንቋ፣ ብሃይማኖት፣ ብፖለቲካ ወይ ብካልኦት ኣረኣእያታት፣ ብብሄር ወይ ብማሕበራዊ መበቈል፣ ብሃብቲ፣ ብትውልዲ ወይ ብካልኦት ደረጃታት ኣድልዎ እንተይተገብረሉ ኣብዚ ድንጋገ እዚ ናይ ዝሰፈሩ ኩሎም መሰላትን ነፃነታትን ተጠቃሚ እዩ።

ብተወሳኺ ሓደ ዜጋ፣ ሃገሩ ነፃ ግዝኣት፣ ብሞግዚት ዝመሓደር፣ ዓርሰ ምምሕዳር ዘይብሉ ወይ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ሉኣላዊ ገደብ ዝርከብ እንተኾነ'ውን ብምኽንያት ናይ ሃገሩ ፖለቲካዊ፣ ሕጋዊ ስልጣን ወይ ዓለምለኻዊ ደረጃ ኣድልዎ ኣይፍፀሞን።

**ዓንቀፅ** 3

ሕድሕድ ሰብ ብህይወት ናይ ምንባር፣ ናይ ነፃነትን ድሕንነትን መሰል ኣለዎ።

**ዓንቀፅ** 4

ሕድሕድ ሰብ ብባርነት ወይ ብጊልያነት ክግዛእ የብሉን። ባርነትን ናይ ባርያ ንግድን ብዝኾነ ይኹን መልክዑ ክልኩል እዩ።

**ዓንቀፅ** 5

ሕድሕድ ሰብ ከቢድ ስቓይ ዘውርድ፣ ጭካነ ዝመልኦ፣ ኢሰብኣዊ ወይ ሰብኣዊ ክብሩ ዘዋርድ ኣተሓሕዛ ወይ መቕፃዕቲ ኣይፍፀሞን፣

**ዓንቀፅ** 6

ሕድሕድ ሰብ ኣብ ዝኾነ ይኹን ቦታ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ብሰብኣዊ መንነቱ ንክፍለጥ መሰል ኣለዎ።

**ዓንቀፅ** 7

ኩሎም ሰባት ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ ኣብ ልዕሊ ምዃኖም ብዘይ ኣፈላላይ ናይ ሕጊ ማዕረ ሓለዋ ክግበረሎም መሰል ኣለዎም። ኩሎም ሰባት ነዚ ድንጋገ'ዚ ብምጥሓስን ነዚ ድንጋገ'ዚ ንምጥሓስ ብዝግበሩ ምልዕዓላትን ካብ ዝበፅሖም ኣድልዎ ሓለዋ ናይ ምርካብ ማዕረ መሰል ኣለዎም።

**ዓንቀፅ** 8

ሕድሕድ ሰብ ብሕገ መንግስቲ ወይ ብሕጊ ዝተፈቕዱሉ መሰረታዊ መሰላት እንትጠሓስዎ ስልጣን ብዘለዎ ሃገራዊ ቤት ፍርዲ ግቡእ ካሕሳ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ።

**ዓንቀፅ** 9

ሕድሕድ ሰብ ብሕጊ ካብ ዝተደንገገ ስርዓት ወፃኢ ኣይእሰርን፣ ኣይተሓዝን ወይ ኣይሕየርን።

**ዓንቀፅ** 10

ሕድሕድ ሰብ መሰሉን ግቡእን፣ ከምኡ'ውን ንዝቐርበሉ ዝኾነ ይኹን ገበናዊ ክሲ ዝምልከቱ ጉዳያት ንምውሳን ኣብ ነፃን ዘይኣድላውን ቤት ፍርዲ ብፍትሓውን ዕላውን መንገዲ ንክራኣዩሉ ምሉእ ማዕርነት ኣለዎ።

**ዓንቀፅ** 11

1. ብዘቕፅዕ ገበን ዝተኸሰሰ ሕድሕድ ሰብ መከላኸሊኡ ኣቕሪቡ ኣብ ዝካተዓሉ እዋን ብሕጊ ገበነኛ ምዃኑ ክሳብ ዝረጋገፅ ከምንፁህ ሰብ ክቑፀር መሰል ኣለዎ።
2. ሕድሕድ ሰብ ሓደ ነገር ኣብ ዝተፈፀመሉ እዋን ነቲ ጉዳይ ምፍፃም ወይ ዘይምፍፃም ገበን ምዃኑ ብሃገራዊ ወይ ብዓለምለኻዊ ሕጊ ተደንጊጉ ክሳብ ዘይፀንሐ ብሓላፍነት ኣይሕተትን። ከምኡ'ውን ነቲ ገበን ኣብ ዝፈፀመሉ እዋን ነቲ ገበን ተወሲኑ ካብ ዝነበረ መቕፃዕቲ ንላዕሊ ዝኸብድ መቕፃዕቲ ክውሰኖ ኣይግባእን።

**ዓንቀፅ** 12

ሕድሕድ ሰብ ብሕጊ ካብ ዝተደንገገ ስርዓት ወፃኢ ኣብ ልዕሊ ውልቀ ህይወቱ ፣ ቤተሰቡ፣ ገዝኡ ወይ ኣብ ርክባቱ ጣልቓ ዝኣትዎ ኣይህልውን። ኣብ ልዕሊ ክብሩን ዝንኡን በደል ኣይፍፀሞን። ዝኾነ ይኹን ሰብ ከምዚኦም ካብ ዝኣመሰሉ ኢድ ኣእታውነት ወይ ከዓ በደል ዝከላኸለሉ ውሕስነት ሕጊ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ።

**ዓንቀፅ** 13

1. ሕድሕድ ሰብ ኣብ ውሽጢ ዝነብረሉ ሃገር ናይ ምዝውዋርን ምንባርን መሰል ኣለዎ።
2. ሕድሕድ ሰብ ካብ ዝኾነት ትኹን ሃገር እንኮላይ ካብ ሃገሩ ናይ ምውፃእን እንደገና ናብ ሃገሩ ናይ ምምላስን መሰል ኣለዎ።

**ዓንቀፅ** 14

1. ሕድሕድ ሰብ ካብ ንህይወቱ ሓደገኛ ዝኾኑ ግፍዕታት ኣምሊጡ ኣብ ካልኦት ሃገራት ዑቕባ ናይ ምሕታትን ናይ ምርካብን መሰል ኣለዎ።
2. እዚ መሰል እዚ ብጭቡጥ ፖለቲካዊ ኣብ ዘይኮኑ ገበናት ወይ ንዕላማታትን መምርሕታትን ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ዝፃረሩ ተግባራት ኣየገልግልን።

**ዓንቀፅ** 15

1. ሕድሕድ ሰብ ዜግነት ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ።
2. ሕድሕድ ሰብ ብሕጊ ካብ ዝተደንገገ ስርዓት ወፃኢ ዜግነቱ ክቕንጠጥ ወይ ዜግነቱ ናይ ምልዋጥ መሰሉ ክኽልከል ኣይኽእልን።

**ዓንቀፅ** 16

1. ንዓቕመ ኣዳምን ሄዋንን ዝበፅሑ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ዘርኢ፣ ዜግነት ወይ ሃይማኖት እንተይገደቦም ናይ ምምርዓውን ቤተሰብ ናይ ምምስራትን መሰል ኣለዎም። ኣብ ኣመሰራርታ ሓዳር ፣ ኣብ እዋን ሓዳርን ኣብ እዋን ፍትሕን ማዕረ መሰል ኣለዎም።
2. መርዓ ብነፃን ምሉእ ፍታውን ተመራዓውቲ ጥራይ ይፍፀም
3. ቤተሰብ ተፈጥሮኣውን መሰረታውን ጉጅለ ሕብረተሰብ እዩ። ስለዝኾነ ካብ ሕብረተሰብን ካብ መንግስትን ሓለዋ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ።

**ዓንቀፅ** 17

1. ሕድሕድ ሰብ ብውልቁ ይኹን ምስ ካልኦት ብሓባር ንብረት ናይ ምውናን መሰል ኣለዎ።
2. ሕድሕድ ሰብ ብሕጊ ካብ ዝተደንገገ ስርዓት ወፃኢ ንብረቱ ኣይውረስን።

**ዓንቀፅ** 18

ሕድሕድ ሰብ ናይ ኣተሓሳስባ ፣ ሕልናን ሃይማኖትን ነፃነት ኣለዎ። እዚ መሰል እዚ ሕድሕድ ሰብ ሃይማኖቱ ወይ እምነቱ ንምልዋጥ ፣ ከምኡ'ውን ንብሕቱ ወይ ምስ ካልኦት ብሓባር ኮይኑ ብዕሊ ወይ ብውልቀ ብዛዕባ ሃይማኖቱ ወይ እምነቱ ክሰብኽ ፣ ክትግብር፣ ከምልኽ ወይ ከብዕል ንዘለዎ ነፃነቱ የጠቓልል።

**ዓንቀፅ** 19

ሕድሕድ ሰብ ናይ ምሕሳብን ሓሳቡ ናይ ምግላፅን ነፃነት ኣለዎ። እዚ መሰል እዚ ብዘይ ኢድ ኣእታውነት ባዕላዊ ኣተሓሳስባ ናይ ምሓዝ ፣ ብዘይ ናይ ዶብ ማዕገቲ ካብ ዝኾነ ይኹን ሜላ መራኸቢ ሓበሬታን ሓሳብን ናይ ምንዳይ፣ ምቕባልን ምትሕልላፍን ነፃነት'ውን የጠቓልል።

**ዓንቀፅ** 20

1. ሕድሕድ ሰብ ብሰላም ናይ ምእካብን ምውዳብን ነፃነት መሰል ኣለዎ።
2. ሕድሕድ ሰብ ብማሕበር ንኽውደብ ኣይግደድን።

**ዓንቀፅ** 21

1. ሕድሕድ ሰብ ብቀጥታ ወይ ብነፃ መረፃ ብዝተመረፁ ወከልቱ ኣቢሉ ኣብ መንግስቲ ሃገሩ ናይ ምስታፍ መሰል ኣለዎ።
2. ሕድሕድ ሰብ ብህዝባዊ ኣገልግሎታት ሃገሩ ብማዕረ ናይ ምጥንም መሰል ኣለዎ።
3. ድልየት ህዝቢ መሰረት ስልጣን መንግስቲ ክኸውን ኣለዎ። እዚ ድልየት እዚ ብምስጢር ወይ ብተመሳሳሊ መንገዲ በብጊዜኡ ብዝካየድ፣ ኩሉ ብማዕረ ዝሳተፈሉን ኣጠቓላልን ብዝኾነ ትኽክለኛን ነፃን ናይ ምድማፅ ስርዓት ክግለፅ ኣለዎ።

**ዓንቀፅ** 22

ሕድሕድ ሰብ ኣባል ሕብረተሰብ ከም ምዃኑ መጠን መሰል ማሕበራዊ ውሕስነት ኣለዎ። ከምኡ'ውን ብሃገራዊ ፃዕርን ብዓለም ለኻዊ ምትሕብባርን ምስ ውዳበን ሃብትን ሕድሕድ መንግስቲ ብዝሰማማዕ መልክዑ ንክብሩን ንነፃ ዕቤት ሰብኣዊ መንነቱን ኣድለይቲ ዝኾኑ ቁጠባዊ፣ ማሕበራውን ባህላውን መሰላቱ ክረጋገፁሉ መሰል ኣለዎ።

**ዓንቀፅ** 23

1. ሕድሕድ ሰብ ንስራሕ ፣ ንነፃ መረፃ ዓይነት ስራሕ፣ ንፍትሓውን ምቹእን ኩነታት ስራሕን ስራሕ ከይስእን ንዝግበር ሓለዋን መሰል ኣለዎ።
2. ሕድሕድ ሰብ ብዘይ ኣድልዎ ንሓደ ዓይነት ስራሕ ማዕረ ክፍሊት ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ።
3. ሕድሕድ ኣብ ስራሕ ዝርከብ ሰብ ሰብኣዊ ክብሩን ክብሪ ቤተሰቡን ዝሕለወሉ ኣድላዪ እንተኾይኑ'ውን ብካልኦት ማሕበራዊ ውሕስነታት ዝድገፍ ፍትሓውን ዘተባብዕን ፃማ ረሃፁ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ።
4. ሕድሕድ ሰብ ረብሓታቱ ንምርግጋፅ ማሕበራዊ ሞያ ናይ ምጥያሽን ኣባል ናይ ምዃንን መሰል ኣለዎ።

**ዓንቀፅ** 24

ሕድሕድ ሰብ ናይ ስራሕ ሰዓት ዕረፍቲ፣ ናይ መዘናግዒ ጊዜ፣ ከምኡ'ውን ፍትሓዊ መጠን ሰዓታት ስራሕን መሃያ ዝኽፈለሉም ህዝባዊ ብዓላትን ክህልዉዎ መሰል ኣለዎ።

**ዓንቀፅ** 25

1. ሕድሕድ ሰብ ንጥዕናን ድሕነትን ዓርሱን ቤተሰቡን ዝበቅዕ ደረጃ መነባብሮ እንኮላይ ምግቢ፣ ክዳን ፣ መንበሪ ገዛ፣ ሕክምናን ኣድለይቲ ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ። ከምኡ'ውን ስራሕ እንተስእን ፣ እንተሓምም፣ ኣካለ ጉዱእ እንተኾውን ካብ ሰብ ሓዳር ሓዲኦም እንተመውት፣ እንተሸምግል ወይ ካልኦት ልዕሊ ቁፅፅሩ ዝኾኑ ፀገማት መነባብሮ እንተጋጥምዎ ድሕነቱ ንክሕለወሉ መሰል ኣለዎ።
2. ኣዴታትን ህፃናትን ፍሉይ ክንክንን ሓገዝን ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም። ብሕጋዊ ወይ ብዘይሕጋዊ መርዓ ዝውለዱ ኩሎም ህፃናት ብማዕረ ማሕበራዊ ሓለዋ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም።

**ዓንቀፅ** 26

1. ሕድሕድ ሰብ ዕድል ትምህርቲ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ። ትምህርቲ እንተውሓደ ኣብ ቀዳማይን መሰረታውን ብርክታት ብነፃ ክወሃብ ኣለዎ። ትምህርቲ ቀዳማይ ብርኪ ግድነታዊ ክኸውን ኣለዎ። ቴክኒካውን ሞያውን ትምህርቲ ብሓፈሻ ክማላእ ኣለዎ። ዕድል ላዕለዋይ ብርኪ ትምህርቲ ድማ ኣብ ብቕዓት ተመስሪቱ ብማዕረ ክወሃብ ኣለዎ።
2. ትምህርቲ ኣብ ምሉእ ምዕባለ ሰብኣዊ ፍጡርን ኣብ ምጥንኻርን ምኽባርን ሰብኣዊ መሰላትን መሰረታዊ ነፃነታትን ዘተኮረ ክኸውን ኣለዎ። ትምህርቲ ኣብ መንጎ ኩሎም መንግስታት ፣ ዘርኣዊ ወይ ሃይማኖታዊ ጉጅለታት፣ ምርድዳእ፣ ምክእኣልን ምሕዝነትን ዘማዕብል ክኸውን ኣለዎ። ብተወሳኺ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ሰላም ንምዕቃብ ንዘካይዶም ተግባራት ክሕግዝ ኣለዎ።

**ዓንቀፅ** 27

1. ሕድሕድ ሰብ ኣብ ባህላዊ ህይወት ሕብረተሰብ ብነፃ ንክሳተፍ፣ ካብ ኪነት ተጠ ቕሚ ክኸውን፣ ኣብ ሳይንሳዊ ምዕባለ ብፅሒቱ ንከበርክትን ካብ ውፅኢቱ ንክጥቀምን መሰል ኣለዎ።
2. ሕድሕድ ሰብ ባዕሉ ካብ ዝፈጠሮ ሳይንሳዊ፣ ስነ ፅሑፋዊ ወይ ኪነታዊ ውፅኢታት ሞራላውን ንዋታውን ረብሓታቱ ንክሕለዉሉ መሰል ኣለዎ።

**ዓንቀፅ** 28

ዝኾነ ይኹን ሰብ ኣብዚ ድንጋገ እዚ ዝሰፈሩ መሰላትን ነፃነታትን ዝረጋገፀሉ ማሕበራውን ዓለም ለኻውን ስርዓት ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ።

**ዓንቀፅ** 29

1. ዝኾነ ይኹን ሰብ ነቲ ብሕታዊ መረጋገፂ ነፃን ዝተማልአን ምዕባለ ሰብኣዊ መንነቱ ዝኾነ ሕብረተሰብ ዝፍፅሞም ግቡኣት ኣለዉዎ።
2. ዝኾነ ይኹን ሰብ ኣብ ኣጠቓቕማ መሰላቱን ነፃነታቱን ንመሰላትን ነፃነታትን ካልኦት ንምቕባልን ንምኽባርን፣ ኣብ ሓደ ዲሞክራሲያዊ ሕብረተሰብ ዘድልዩ ስነ ምግባር፣ ፀጥታን ድሕነትን ንምምላእን ተባሂሉ ብሕጊ ንዝተወሰኑሉ ማዕቀባት ጥራሕ ተገዛኢ ይኸውን።
3. እዞም መሰላትን ነፃነታትን እዚኣቶም ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ኣንፃር ዕላማታትን መምርሕታትን ውድብ ሕቡራት መንግስታት ክትግበሩ ኣይኽእሉን።

**ዓንቀፅ** 30

ካብ ውሽጢ እዚ ድንጋገ እዚ ዝኾነ ይኹን መንግስቲ፣ ጉጅለ ወይ ውልቀ ሰብ፣ ኣብዚ ድንጋገ እዚ ካብ ዝሰፈሩ መሰላትን ነፃነታትን ንገሊኦም ንምጥሓስ ኣብ ዝዓለመ ምንቅስቓስ ንክሳተፍ ወይ ዝኾነ ይኹን ተግባር ንክፍፅም መሰል ከም ዘለዎ ዝሕብር ተገይሩ ዝትርጎም ውሳነ የለን።